# ንዓመጽ ብዘይዓመጻዊ መንገዲ ክንስዕሮ ኢና

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 23.07.2009

እቶም ኣብ ሓይሊ ብረት ዝእምነቶም መለኽቲ ክሰዓሩ እዮም። መለኽቲ ንብረት እምብዛ ስለዝኣምንዎ፡ ማዕረ እዝግሄር ኢዮም ዝሰርዕዎ። ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ፖለቲካዊ ሽግራት ይኹን፣ ነቲ ምስ ጐረባብቲ ዝጓነፍ ጸገማት ብብረት ፈቲሖም ንዓለም ተኣምር ከርእይዎ ከምዝኽእሉ ብልቢ ኢዮም ዝኣምኑ። ንእምነቶም ከርውዩ ብዝገበርዎ ምንቅስቓስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰፍ ዘይብል ፖለቲካውን ማሕበራውን ዓዘቕቲ ጥሒሉ ይርከብ። ታሪኽ ሕ/ሰብ ግን፡ እቶም ኣብ ብረት ተሞርኪሶም፡ ክህልውን ክቕጽሉን ዝሕልኑ ወደቕትን ተሰዓርትን ምኻኖም'ዩ ዘረጋግጽ። እቶም ኣብ ኤርትራ ዘለው ኣብ ሓይሊ ብረት ዝኣምኑ መለኽቲ ውን ምስዓሮም ዘይተርፍ እዩ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣማመነሉ ሓይሊ፡ ሓይሊ ብረት ዘይኮነ ሓይሊ ህዝቢ ኢዩ። ኣብ ሓይሊ ህዝቢ ተኣማሚኑ ዝቃለስ ሰልፊ ከኣ ዓወቱ ግድነት እዩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኣብ መጠረስታ ዝዕወት ድልየትን ምርጫን ህዝብና ስለዝኾነ እዩ። ድልየትን ምርጫን ህዝብና እንተተዓዊቱ ድማ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ተዓዊቱ ማለት እዩ።

ህዝቢ ብሓይሊ ሓጻውን ክግዛእ ድሉው ኣይኮነን። እቶም ንድልየት ህዝቢ ንዒቖም ብሓይሊ ብረት ከመሓድሩ ዝደልዩ፡ ጠባይ ሽፋቱ ዝውንኑ መራሕቲ ሃገር ክኾኑ ኣይግብኦምን እዩ። ሃገርና ብሕጊ እተመሓደር ዲሞክራስያዊት ሃገር ክትከውን እንተደኣኰይና፡ ምርጫን ድልየትን ህዝብና ክዕወት ኣለዎ። ህዝብና ዘመሓድሮ ሕጊ ባዕሉ ዘጽድቖን ዘመሓድርዎ መራሕቲ ባዕሉ ክመርጾን ክኽእል ኣለዎ። ብረት ብድልየት ህዝቢ ዝግዛእ መሳርሒ ደኣ'እምበር፡ ገዛኢ ክኸውን የብሉን።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ነቶም ኣብ ሓይሊ ብረት ዝእምነቶም፡ ብኢደ ወነኖም ኣብ ስልጣን ኩድጭ ኢሎም፡ ዓቐን ዝሰኣነ በደልን ግፍዕን ዝፍጽሙ ዘለው መለኽቲ፣ ኣብ ህዝቢ ምሉእ እምነት ኣንቢሩ ሓንሳብን ንሓዋሩ ክስዕሮም ዝቃለስ ሓይሊ እዩ።

ኣብ ሓይሊ ህዝቢ ምእማን ማለት፡ ንብረት ህይወት ዘይብሉን ሰብ ዝሰርሖን፡ ብዘይሰብ ዋጋን ትርጉምን ዘይብሉ መሳርሒ ምኻኑ ምእማን ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት'ዩ፡ ኣዒንቲ መለኽቲ ንብረት ክጥምታ ከለዋ፣ ኣዒንቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ነቲ ብረት ተሰኪሙ ዘሎ፡ ብረብሓ ምስ መለኽቲ ዘይጠዓዓም ሰብ ኢየን ዝጥምታ። እቶም ብዘይድልየቶም ብኣስገዳድ እተሰልፉ ሃገራውያንን ዝርከብዎም፡ ኣብ ኤርትራ ብረት ተሰኪሞም ዘለው ጀጋኑ፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ኤርትራ ረብሓ ዘለዎም ኣካላት እዮም። በዚ ዓይኒ እዚ ክንርእዮ ከለና፣ እቲ መላኺ ስርዓት፡ ንናይ ጽባሕ ጸላእቱ እዩ ብረት ዘዕጥቐ ዘሎ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ እዞም ዕቑራት 23ይ ቅሙጣት ጸላእቲ ምልኪ፡ ንዘልኣለም ባራዩ መለኽቲ ክኾኑ ኣይኮኑን ዝብል እምነት ኣለዎ። ነቚሖምን ተወዲቦምን ንምልኪ ብዘይዓመጽ ኣብ ምቕያር እጃሞም ዘበርክትሉ እዋን ርሑቕ ኣይኮነን። ግፍዓዊ ኣመሓድራ ምልካዊ ስርዓት፡ ቅድሚ ሰቦም ዝቐሰሙ

ንሶም ምኻኖም: ልቢ ህዝቢ ከንብብ ብቕዓት ዘለዎ ሓይሊ ኣይስሕቶን እዩ። ብዙሕ ዘይተዘንተወ ዘይዓመጻዊ ቃልሶም ካብ ምኽያድ ውን፡ ኣዕሪፎም ኣይፈልጡን እዮም። እቲ ብዝለዓለ ደረጃኡ ዝገሃደሉ እዋን ከኣ ርሑቕ ኣይኮነን። እቲ ሰብ እምቢ እንተኢሉ፡ እታ ብረት ህይወት ከምዘይህልዋ ዝጠራጠር ብሕማም ምልኪ እተለኽፈ ኣካል ጥራይ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ንዓመጽ ብዘይዓመጻዊ ኣገባብ ብርግጽ ክንስዕሮ እና።